# መዓልቲ ሓርበኛታት ስንኩላን ኤርትራ

## ኣብ ከተማ ከለን ከቢሩ ውዒሉ

ብዕለት 14.01.2017 ኣብ ከተማ ከለን ብሃ.ማ.ደ.ኤ. ዝተዳለወ ምስ ሃገራውያን ማ ሕበራትን ግዱሳት ኤርትራውያን ነባሮ ከተማ ከለንን ከባቢኣን ምትሕብባር ዕዉት ዝኾነ ሃገራዊ መዓልቲ ስንኩላን ተኻይዱ። እዚ መቐጸልታ ናይቲ ኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ንኡስ ጨንፈር ጀረመን ኣብ በብከተምኤን ዘካይድኦ ንስንኩላን ኤርትራውያን ካብ ማሕበራዊ ጸገም ንኽገላገሉ ካብ 2009 ዓ.ም. ጀሚራ ኣብ ን/ጨንፈር ሃ.ማ.ደ.ኤ.ዝርከብኦ ከተማታት 3ታሕሳስ መዓልቲ ስንኩላን ብምዝካር ኣቢታ ዕለት ዝተረኸበ ኣታዊ ምስ ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ኣብ ሽቱትጋርት ጀርመን ብምትሕብባር ኣብቲ ብመንግስቲ ኤርትራን ብማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኲ.ተ.ኤ) ንዝካየዱ ፕሮጀክትታት ንኽውዕል ዝዓለመ' ዩ ።

መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ኣደ መንበር ሃ.ማ.ደ.ኤ. ንኡስ ጨንፈር ከለን ወ/ሮ ልኡል ተወልደ ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩ ጸቡቕ ምንዮታ ብድሕሪ ምግላጽሃ ንሰለስተ ታሕሳስ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ኣርትራ እተዳለወት መልእኽቲ ኣቕረበት። ስዒቡ ድማ ናይዚ ቅዱስ ዓላማ ደገፍ ረኺቦም ኣብ ህይወቶም ናይ ጥዕናን መበብሮን ኣወንታዊ ውጽኢት ዝረኸብሉ ዜጋታት በቲ ዝተገብረሎም ናብ ሃማደኤ ጀርመን ተላኢከ ናይ ምስጋና ጽሑፍ ተነበበ።

እዚ ኲናት ስንኩላትና ንምሕጋዝ ዝተወሰደ ስጉምቲ ኩሉ ግዜ ዕዉት ግብራውን ንምግባሩ ብዝተወሰደ ንጥፈታት ኣብዚ ምሸት'ዚ ብወፈያ ዝኣተወ 1428 ኦይሮ ብመገዲ ማሕበር ስንኩላን ኤርትራውያን ሽቱትጋርት ንማሕበር ስንኩላን ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራ (ማ.ስ.ኲ.ተ.ኤ) ተወፍዩ።

ተሳተፍቲ ብዓል ኣብቲ ብኣባላት ሃ.ማ.ደ.ኤ. ተወደበ ብግዱሳት ብጾት እስቲፋኖስ ወልደን ተኸለ ሃይለን ዝተዳለ ማሕበራውን ፖለቲካውን ባህላውን ዘመናውን ቁምነገር ሓዘል ልዙብን ኣስተምሃሪን መዘናግዒን መደባት ብምውሳእ ብውዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ነዛ ክብርቲ ዕለት ብቐጻሊ ኣበርክትኦም ንኸዕዝዙ ድልዋት ምኻኖም ቃል ብምእታው ፤ መደብ መዓልቲ ስንኩላን ኣብ ከተማ ከለን ብዓወት ተዛዚሙ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰውኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

ሃማደኤ ንኡስ ጨንፈር ከለን

ምስ ሃገራውያን ማሕበራትን ግዱሳት ኤርትራውያን ኣብ ከተማ ከለን